# መግለጺ መንእሰያት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ

ኣብ ኢትዮጵያ እንርከብ ኤርትራውያን ስደተኛታት መንእሰያት ካብ ዕለት 9/1/2012 ክሳብ ዕለት 12/1/2012 ካብ ኩለን መዓስከራት ስደተኛታትን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኢትዮጵያ ንነብር ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ክንዝቲ ተኣኻኺብና።

ብዛዕባ ህልው ኩነታት ኤርትራን ህዝባን መነባብሮን ኩነታት መንእሰያትን ባህልን ካልእ ኣገደስቲ ኣርእስትታትን ተዛሪብናን ዘቲናን። ከም ቀንዲ ኣርእስቲ ከኣ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኣተኲርና ማለት፡-

1. ኩነታት ቁጠባ፡
2. ፖለቲካ፡
3. ማሕበራዊ መነባብሮ፡
4. ዲፕሎማስያዊ ርክባትን ካልእ ገምጊምና።

ድሕሪ ናይ ስለስተ መዓልቲ ሰፊሕን ዓሚቕን ኪትዕ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ መረዳእታታት በጺሕና።

**1. ኩነታት ቁጠባ ሃገርና**
ብስንኪ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ብዝኸተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ኣብ ሽፍትነት ዝተሞርኮሰን ንውሑዳት ኣባላት እቲ ጃንዳ ዝረብሕ ቑጠባዊ ኣካይዳ ሃገርና ኤርትራ ቁጠበኣ ንሂሉ ኣብ ፍጹም ውድቀት ተሸሚሙ ይርከብ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ስድራ-ቤታት ኤርትራ ኣብ ክወጽኡሉ ዘይክእሉ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ኣትየን ዕርቃኑ ኣብ ዝወጸ ድኽነት ተሸሚመን ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣደዳ ስደትን ምብትታን ኮይነን ከም ዝርከባ ገምጊምና።

**2. ኩነታት ፖለቲካ ሃገርና ስርዓት ህግደፍ ብዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናውን ጨፍጫፍን ፖለቲካዊ ኣካይዳ ሃገርና ኤርትራ** ብሓደ ሸነኽ፡ ሰናይ ምምሕዳር ተሓሪሙዋ ማለት ኣብ ሕጊ ኣልቦነት  ነጊሱ። ውሑዳት ኣባላት እዚ ጉጅለ ባህ ዘበሎም ዝፍጽሙሉ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ዲሞክራስያዊ መሰላት ዜጋታት ማለት ናይ ምዝራብ ናይ ምጽሓፍ ናይ እምነትካ ምምላኽ ምምራጽ ወዘተ ዝኣመሰሉ ሰብኣዊ መሰላቱ ራሲያም ኣደዳ ግፍዕን ምጭወይትን ማእሰርትን መቕተልትን ኣብ ልዕሊኡ በደል እንዳፈጸሙ ይርከቡ። ስለዚ ድማ ፖለቲካዊ ሰረት እዚ ሰርዓት ፉጹም ተሸምሪሩ ከምዘሎ ገምጊምና።

**3. ማሕበራዊ ኩነታት ሃገርና**
ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰርዓት ህግደፍ ኣብ ሃገርና ብዝተኣታቶዎ ዘይፍትሓውን ዘይምእኩልን ማሕበራዊ ኣካይዳ ባህልታትን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ርእሲ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ጥዕናን ካልኦት መሳለጥያታትን ምእኩል ዝርጋሐ ዘይቡሉ ንዘይ ብቁዕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ፈጢሩ ስድራቤታት በታቲኑ፡ ብሰንኪ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ስደትን ሞትን ተቓሊዑ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላው ወሪዲዎ ከም ዘሎ ገምጊምና።

**4. ኩነታት ዲፕሎማያዊ ዝምድናታትን ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ሃገርናን**
ዲፕሎማስያዊ ፖሊሲ እዚ ሰርዓት ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ዝጠመተ ኣዕናዊ ፖሊሲ ስለ ዝኽተል ሃገርና ካብ ኩለን ጉረባብቲ ሃገራትን ከምኡውን ካብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ተነጺላን እቲ ሰርዓት ጻሕታሪ ኩናትን ተሓባባሪ ገብረሸበራን ኮይኑ፡ ኣብ ክወጸሉ ዘይክእል ዲፕሎማስያዊ ኪሳራ ተሸሚሙ ከም ዝርከብ ገምጊምና።
እዚ ድማ በቲ ሕማቕ ፖሊሲ ኣካይዳ ናይ'ቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ህግደፍ ምኽኑ ኩላህና ተሰማሚዕና። ነዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰርዓት ካብ ስልጣን ንኽእለ ኩሉ መዳያዊ ጻዕሪ ክንገብር ከም ዘለና ሎሚ ዕለት 12/01/2012 ገምጊምና ኣለና።

ብዘይካ እዚ ተራ መንእሰያት ኣብ ሃገርና እንታይ ከም ዝመስልን እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎን ተሳተፍቲ መንእሰያት ብዓሙቕ ዘቲናሉ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣቦ-ወንበር ፈጻሚ ሽማግለ ኤ/ሃ/ባ/ዲ/ለ/ዶ/ር ዮሴፍ ብርሃኑ

ኣብ’ቲ ኣኼባ ተረኺቡ ኣብ ሃዋሳ ንዓሰርተ መዓልቲ ዝተገብረ ኣኼባን ውጽኢቱ ንእንታይ ይመስል ከም ዝነበረ መብረሂ ሂቡ፡፡ ኣኼበኛታት ድማ ብወገና ኣብ ጎኒ እዚ ባይቶ ኮይንና ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ከም ነበርክት ተሰማሚምዕና፡፡

ዓወት ንህዝብታት ኤርትራ!
ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍ!
ኣኼባ መንእሰያት ኤርትራውያን ስደተኛታት፡
ጥሪ 12/2012
ሽረ እንዳስላሴ